# ድኽመታትና ካብ ኣለለና፡ ክንሕይለሉ እንኽእል ጎደና ቃልሲ ምቕያስ ከድልየና ኢዩ።

ብ ገዛኢ ኪዳነ

ኣብ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ድኽመት ከም ዘሎ ዘይኣምን ኤርትራዊ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይመስለንን። ብርግጽ ድማ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ድኽመት ናይ ኣመራርሓ ኣሎ ድኽመት ናይ መሰረታት እውን ኣሎ። እቲ ቀንዲ ግን ድኽመት ናይ መሰረታት ኢዩ ክብል ይደፍር። ምኽንያቱ መሰረታት ሞተር ናይ'ቲ ውድብ ኢዩ። ሞተር እንተደኺሙ ድማ ኣውቲስታ ብዘይ ሞተር ክመርሕ ኣይኽእልን። ስለዝኾነ ምሕያል መሰረታት ማለት ምሕያል ውድብ ማለት ኢዩ። ምሕያል መሰረታት ማለት ምሕያል መሪሕነት ማለት ኢዩ። መሪሕነት ብዘይ ሓያል መሰረት ክንቃሳቀስ ኣይኽእልን ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ መሪሕነት ንባዕሉ ሃካይ፡ ልሙስ፡ ናይ ሕጂ ዘይኮነስ ናይ ቀደም ዕላላት ዝፈቱ፡ ዘዝመጸ መድረኽ ገዲፉዎ ዝዕዘር፡ ብሕሉፍ እምበር ብእዋናዊ ዛዕባ ዘይዛረብ፡ ተዋላዋሊ፡ ተንበርካኺ፡ ፈራሕ፡ ኢዩ ዝኸውን።እዚ እንታይ ማለት ኢዩ እቲ ሞተር ኮይኑ ከንቀሳቕሶ ዘሎዎ መሰረት ድኹም ኢዩ ማለት ኢዩ።

እቲ መሰረት ሓያል እንተኾይኑ ግን እቲ መሪሕነት ንመሰረታቱ ስለ ዝፈርሕ ሕማቕ መራሒ ዝነበረ ተሞክሮታት ደሊቡ ሓያል ኢዩ ዝኸውን፡ እዚ እንታይ ማለት ኢዩ እቲ ሞተር ናይ'ቲ ውድብ ንኽሕይል ይደፍኦ ኣሎ ማለት ኢዩ።ብጠቕላላ ኣዘራርባ መሰረታትን መሪሕነትን ሞተር ናይ መኪናን መራሒ መኪናን ገይርና ክንወስዶም ንኽእል። ኣውቲስታ ብዘይ ሞተር ዝገብሮ ነገር የልቦን። ሞተር ክሳብ ዝለዓለሉ ምድቃስ ጥራሕ ኢዩ።

ሕጂ ድማ መሰረታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ሓዲሽ ተስፋ ዝህብ መድረኽ ንምፍጣር ክለዓሉ ኣሎዎም።

ብመሰረቱ ኣብ ጉዳይ ኤርትራና እንተ ሪኢና፡ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሞም ዘቐምጥዎ ዓንቀጽ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትከልን ሕግን ፍትሕን ክነግስን በዚ ኣቢሉ ድማ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ክኽበርን ኢዩ። እዚኣ ዳርጋ ኩለን ውድባት ኣብ ማህደር ፖለቲካዊ መደብ ዕዮአን ዘስፍራኦ ኣንጻባራቒት ዓንቀጽ ኢያ።

እሞ ኣብዚ ሓደ ርኡይ ሕቶ ክለዓል ይከኣል ኢዩ።እዘን እዛ ኣንጻባራቒት ዓንቀጽ እዚኣ ከም ናይ መጻኢ ናይ ቃልሲ ሸትአን ገይረን ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮአን ኣስፊረን ዝንዓዛ ዘሎዋ ውድባት ስለምንታይ በበይነን ይቃለሳ ኣሎዋ? እቲ ጉዳይ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ምኻኑ ይኣምና ድየን? ብሓቂ እታ ዲሞክራሲ እትበሃል ይኣምናላ ድየን? እዚ ዝኣምና እንተኾይነን ስለምንታይ ንናይ ሓባር ዓላማአን ብሓደ ኮይነን ዘይቃለሳ? እዚ ሕቶታት እዚ መሪሕነታት ኣይኮነን ከልዕሎ ዝኽእል፡ እቲ ሞተር ናይ መሪሕነታት ዝኾነ መሰረታት ኢዩ ከልዕሎ ዝግበኦ። ስለዝኾነ መሰረታት ውድባት ከም ሞተር ወይ ድማ ከም ደራኺ ሓይሊ መጠን ንዘይተመልሹ እዋናውያን ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ክረክብ ናህሪ ናይ ሞተሩ ከሕንን ኣሎዎ።

ኣብ'ዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ፡ ንሱ ድማ ቅድም ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓንቲ ዓላማ ብሓባር ክንወድቕን ክንትስእን ዝጸናሕና ብጾት ሎሚ ድማ ኣብ ሃገር ባዕዲ/ ኣብ ስደት/ ንሓንቲ ዕላማ ተፈላሊና ንቃለስ ኣሎና ስለምንታይ? ሓድነት ከዐውት ከም ዝኽእል ቀደም ዝተማሃርናዮን ዝዓገብናሉን ኣገባብ ናይ ቃልሲ ምኻኑ እናፈለጥና ስለምንታይ ተፈላሊና ንቃለስ ኣሎና? እዚ ሕቶ እዚ እውን ካብ መሪሕነት ኣይኮነን ዝመጽእ፡ ካብ መሰረታት ውድብ ኢዩ ክለዓል ዘሎዎ። ሓደ ዓላማ ንዘሎዎም ሰባት ኣብ እዋን ቃልሲ ንዝፍጸሙ ጌጋትት መተኣራረሚ እምበር መፈላለዪ ክኾኑ ኣይግበኦምን። ዝዓበየ ህዝባዊ ዕላማ ኣቓሚጥካ ብዘይጠቅም ብኽእረም ዝኽእል ጌጋ ኣንታን ማንታን ተባሂልካ ክትፈላለ ከሎኻ እምበኣር እቲ ምእንቲ ህዝቢ ይቃለስ ኣሎኹ ኢልካ እትጭርሖ ሓሶት ኢዩ። ስለዝኾነ እዚ ሓሶት እዚ ኣብ ህዝቢ ጋህዲ ይኾውን እሞ፡ ካብ ህዝቢ ሰዓቢ ከይረኸብካ ከም ግኒ ዝሓዛ ጤል በይንኻ ኣብ ሸንኮለል ተሕልፎ።

ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ድማ እዚ ሓቂ እዚ ኢዩ ዝረአ ዘሎ፡ ንድኽመታት ንምእራም መሰረታት እንተዘይተላዒሉሉ ድማ ካብ መሪሕነት ክለዓል ምጽባይ የዋህነት ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ እዚ እምበኣር ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣሎ፡ እዚ ውድብ እዚ ሰለስተ ውድባት ሓቝፉ ኣብ መስመሪ ጉባአ በጺሑ ኣስማት ሰለስተ ውድባት ገዲፉ ከም ሓደ ውድብ 'ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ' ብዝብል ናይ ሓባር መጸውዒ ስም ወጺኡ ኣሎ።እዚ ብሓቂ ዘተባብዕ ኢዩ። እዚ ኣብ ዝሰላሰለሉ እዋን እቲ ኣገባብ ናይ መስመሪ ጉባአ ጌጋ ኣይነበሮን ንምባል ኣይኮነን ዘምጸኦ ዘሎኹ፡ እቲ ቀንዲ መሰረታዊ ዕላማ/ስምረት/ እንተተዓዊቱ ግን ጌጋታት ኣብ ከይዲ ክእረሙ ይኽእሉ ኢዮም፡ ዘይእረሙሉ ምኽኒያት የለን። ግና ጌጋታት ከይተጋፍሑ ብዓንተቦ ምእራሞም የድሊ። ምኽኒያቱ ናእሽቱ ጌጋታት ጊዜ በሊዖም ክጋፍሑን ክዓብዩን ስለዝኽእሉ ቅልጡፍ መአረምታ የድልዮም።እንተዘይኮይኑ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ንናይ ሓባር ዕላማኡ ሰሚሩ ክቃለስ ምውሳኑ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ጸብለልትነት ኣርእዩ ኢዩ። ህዝቢ ድማ ይስዕቦ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ንመሰረታትን መሪሕነትን ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምስጋና ይግበኦም።እቲ ስምረት ብጻዕርን ድኻምን ናይ መሰረታት ናይ'ቲ ውድብ ስለዝተረጋገጸ ድማ መሰረታት እቲ ውድብ ዘሎ ጌታት ኣሪሙ ኣብ ዝመጽእ ዲሞክራስያዊ ጉባአ ናይ'ቲ ግንባር ብቕዓትን ተወፋይነትን ዝመለልይኡ ናይ ኣመራርሓ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምርግጋጽን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መሪሕ ግደ ንምጽዋት ንምብቃዑን ሕጂ'ውን ናይ መሰረታቱ ጻዕርን ተወፋይነትን ይሓትት።

ማለት መሰረታት ውድብ ኩሉ ኣብ ኢዱ ኢዩ። ንኽመርሖ ዝመረጾ መሪሕነት ክመርሖ እንተዘይኪኢሉ ካብ ሓላፍንቱ ከውርዶ፡ ሓያል መራሒ እንተኾይኑ ድማ ዝያዳ ከሰውዶ ከምዝኽእል መትከላዊ ምትእምማን ክሓድሮ ኣሎዎ።ኣብ ውሽጡ ድማ ጉርሕን ሽርሕን ዘይብሉ ግሉጹነት ከም ስልቲ ናይ ኣገባብ ኣቀላልሳኡ ኣተኣታትዩ ክምርሽ ኣሎዎ።

ምኽኒያቱ እዚ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ስለዝኾነ ጉርሕን ሽርሕን ዘድልዮ ኣይኮነን፡ ኣብ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ድማ ''ጉርሕን ሽርሕን'' ይቕረ ዘይባሃሎ ዓቢ ገበን ኢዩ።

ስለዝኾነ መሰረታት ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድኽመታቱ ኣበይ ምዃኑ ኣለልዩ ኣሎ። ስለዝኾነ ድኽመታቱ ኣለልዩ ክሕይለሉ ዝኽእል ጎደና ቃልሲ ምቕያስ እዋኑ ኣኺሉ'ዩ። እዚ ግን መሰረታቱ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞ ብግሉጽ ኢሂን ምሂን ተባሂሂሉ ንሓፍነት ዝበሃል ስሚ ሓቂ ኣውጉዱ እንተተዃዒዙ ብሓቂ ከምቲ መሪሕ ጭርሖ ናይ መስመሪ ጉባኦኡ ህዝቡን ሃገሩን ንምድሓን ክበቅዕ ኢዩ።

ኣብ መጨረሻ ጽሑፈይ ቁሩብ ኣግህድ ከብሎ ዝደሊ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ገለ ብጾት ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ብጻይ ረዘነ ሃብተን ብጻይ ብንያምን ዳርጋ ኩሉ ሰብ ዝርእዮን ወይ ድማ ዝሰምዖን ሽግራት ከም ዘሎ ንዕዘብ ኣሎና። እቲ መሪሕነት እንታይ ይገብር ኣሎ። መፍትሒ ዘየናድየሉ። እዞም ንህግደፍ ብጎረረኡ ብምሓዝ መስተንፈሲ ዝኸልእዎ ሓርበኛታት ብጾት ቀሪብካ ናይ ምርድዳእ ስጉምቲ ዘይተወሰደ ስለምንታይ።

ብጾት ረዘነን ብንያምንከ እቲ ጉዳይ ቁሩብ ብትዕግስቲ ዘይትሓልፍዎ፡ ንናይ ሞትን ህይወትን ብጾትኩም ዘይትርእዩ።ጌጋታት ውድብ እኮ ብሓባር ኮንካ ኢዩ ዝእረም።እቲ ቀንዲ ድማ ጌታትካ ምልላይ ኢዩ። ዘሎ ጌታት ተራእዩ ኣሎ። ጌታትና ብሓባር ናይ ምእራም ድማ ናይ ኩልና ሓላፍነት ስለዝኾነ ሕጂ እውን ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዘሎ ጌታት ኣሪምና መሪሕ ግደኡ ክጻወት ናይ ኩልና'ቶም ናይ ሞትን ህይወትን ብጾት ዕማም ስለዝኾነ ሕጂ እውን ብዝያዳ ሓርበኛውን ብቑዕን ተሳትፎኹም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ የድልየና ኢዩ።

ስለዝኾነ እዚ ጉዳይ እዚ መሰረትን መሪሕነትን ግቡእን ህጹጹን ኣቓልቦ ክገብረሉ ለበዋይ የመሓላልፍ።

ክንዕወት ኢና !